# ምግሃስ መሰል ቆልዑ ኣብ ኤርትራ።

'ዩኒሰፍ' (ሓንቲ ካብተን ዓበይቲ ትካላት ሕቡራት መንግስታት)፣ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰል ቆልዑ ይግህስ ከምዘሎ ኣፍሊጡ። እዚ ድማ፣ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ መላእ ኤርትራ እቲ ናይ መጨረሽታ ዓመት ትምህርቶም (12 ክፍሊ) ኣብ ቦታ ወተሃደራዊ ታዕሊም (ሳዋ) ንኽፍጽሙ ብምግዳዱ ኢዩ። ሓላፊ ዩኒሰፍ ኣብ ኤርትራ፣ ሚስተር ክርስትያን ባልሰለብ ኦለሰን ካብ ጽሃቦ ቃልን ብቢቢሲ ጋዜጠኛ ጆና ፊሸር ከምዘቃልሐን፣ ኤርትራ መሰል ቆልዑ ትግህስ ከምዘላ ሓቢሩ።

እዚ መግለጺ'ዚ ነቲ ተግባር ስለዝኾነነ፣ ብደገፍቲ መንግስቲ ኢና በሃልቲ ናይ ሕርቃን መልሲ ክወሃቦ ተራእዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ መንግስቲ ተሓቲቱ፣ እኹል ገንዘብን መሳለጥያታትን ከምዘይብሉ ገሊጹ። ዩኒሰፍ ዝብል ዘሎ ግን፣ እዚ ንደቂ 17/18 ዓመት ቆልዑ ካብ ስድሮኦም ፈሊኻ ኣብ ጸምጸም በረኻን ቦታ ወተሃደራዊ ታዕሊም ምውሳድን፣ ምስቲ ኤርትራ ብ 2/9/1994 ዝፈረመቶ ዓለም-ለኻዊ ውዕል መሰል ቆልዑ ዝጋጮ ምኻኑ ኢዩ።

ዓንቀጽ 9 እቲ ውዕል ከምዚ ይብል፣

> *1. መንግስታት ይኹና ሰልፍታት፣ ቆልዑ ብዘይ ድልየቶም ካብ ስድርኦም ንኸይፍለዩ ክሕልዋ ይግባእ። ምናልባሽ፣ ንድሕነት እቲ ቆልዓ ምፍላዩ ኣድላይ እንተኾይኑ ግን፣ ብብቕዓት ዘለዎም ሰበስልጣን ተፈጻምነት ሃልይዎ ብብጊዜኡ ዝግምገም ይኸውን።ናይ ምፍላይ ውሳኔ ክውሰድ ዝከኣል ወይ እቲ ቆልዓ ግቡእ ቆላሕታ ካብ ስድርኡ ምስ ዘይረክብን ገለ ዓይነት ማህሰይቲ ምስ ዘጋጥሞን ይኸውን።እቶም ወለዲ ነንበይኖም ዝቕመጡ ምስ ዝኾኑ'ውን መነባብሮ ቆልዓ ምውሳን ኣድላይ ይኸውን።*

ማሕበር ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክረሲያውን መሰላት-ብሪጣንያ ምስ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጸብጻብ ዩኒሰፍ እናተሰማምዐት፣ እዚ ተግባር መቐጸልታ ናይቲ ሕብረተሰብ ኤርትራ ናብ 'ወተሃደራዊ መዓስከር ምቕያር' ዝብል ምኻኑ ይኣምን። እዚ ተግባር'ዚ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ግቡእን ጽሩፍን መጽናዕቲ ከይተኻየደሎም ዝትግበሩ ፖሊሲ ኢዩ። ከምቲ ዝዝከር ዓመት ኣቢሉ ይገብር፣ 'መንግስቲ' ኤርትራ ብወግዒ ከም ዝገለጾ፣ እቲ ን 12 ዓመት ዘካየዶ ስርዓተ-ትምህርቲ ፍሹል ምንባሩ ኢዩ።

ስለዚ በዚ ኣመኻኒኻ፣ እኹል ምቅርራብ ከይገበርካ ንካልኣይ ደረጃ ዓመት-ትምህርቲ ሓደ ዓመት ወሲኽካን መሰል ቆልዑ ረጊጽካን ዝውሰድ ስጉምቲ ምኻኑ ኢዩ። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ብቀጻሊ ዝካየድ ዘሎ ምግሃስ መሰል ኤርትራውያን ምኻኑ ኢዩ። ተወሳኺ ዘሕዝን 'ውን ዩኒሰፍ ኣብቲ ቦታ ከይዱ ኩነታት ተመሃሮ ክርኢ ብዘይምኽኣሉ እዩ፣ ምኽንያቱ ኸኣ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ወተሃደርዊ ትካል ስለዝርከብ ኢዩ።

ማሕበርና በዚ ኣተሓሳሰቢ ጉዳይ'ዚ፣ ንኩሎም ኤርትርውያንን ዓለም-ለኻዊ ትካላትን፣ ነዚ ኩነታት ቆልዑ ክከታተሉን፣ ብፍላይ ከኣ እቲ ዝሕበር ዘሎ ዓመጻት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣንጻር'ቲ ዝግበር ዘሎ ግህሰት መሰል ቆልዑ ተቃውሞ ከካይዱ ንጽውዕ።

ቦርድ ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት-ብሪጣንያ